**Eritrean Catholic Gheez-Rite Chaplaincy (ECGRC)**
at St. Aidan of Lindisfarne RC Church
85 Old Oak Common Lane
London
W3 7DD

ጸጋ ተኽለብርሃን
18 Sep 2011

## ናይ እግዝእትነ ማርያም መዓርግ ዘለዓለማዊ እዩ፣

ከመይ ካብ እግዚኣብሔር ዝመጸ ስለዝኮነ፡፣ ንሳ ብጽድቅን ሓቅን ቅንዕናን ዝተሰረተት እያ፣ንቅድስናን ማሕጸን ማርያምን ዝወዳደሮ የብሉን፡፡

እግዝእትነ ማርያም እታ ወትሩ ድንግል ዝኾነት ብጽዕቲ እያ፣ንሳ ሓጢኣት ዝበሃል ኣይገበረትን፣ዓብይ ሓጢኣት ይኹን ንእሽቶ ሓጢኣት፣ሓጢኣት ወላ ንእሽቶ ይኹን ተንኪፋዋ ብዝኸውን ኣደ እግዚኣብሔር ክትከውን ኣይምበቅዐትን፡፡ ከመይ ንክርስቶስ ነቲ ስጋኣ ዝወሰደ ክትመስሎ ግድን ስለ ዝነበረ እዩ፣*

ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር እዩ፣፣ ጥበብ እግዚኣብሔር እዩ፣፡ ንሱ ብፍሉይ መንገዲ ኣብኣ ሓዲሩ፣ኣብ ነፍሳ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ማሕጸናውን ሓዲሩ፡፣ በዚ ምኽንያት ጥበበ ሰሎሙን * ጥበብ ኣብ ክፍእቲ ነፍሲ ክትኣቱ ኣይትኽእልን እያ ይብል፡፣ ኣብቲ ብሓጢኣት ዝተገዝአ ስጋውን ማሕደራ ክትገብር ኣይትኽእልን እያ፣(ጥበ.ሰሎ 1, 4)

ምልኣተ ጸጋን ርትዕን ብኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ* (ዮሓ1, 16) ይብለና ቅ.ዮሓንስ፣ምልኣተ ጸጋ ኣብኣ ማሕደሩ ኪገብር ምስ መደበ፣ነዚ ምልኣተ ጸጋ መጀመርታ ንኣኣ ሃቦ፣ ንሳ ከኣ ንኣኡ ብምላዳ ናባና ንኾላትና ጸጋን ሓቅን ከዓወትልና፣ሔዋን ካብ ሰማይ ሰጒጒትና ንሰይጣን ሸይጣትና፣ማርያም ከኣ ገነት ሰማይ ከፈተትልና ንጽድቂ ገዝኣትና፡፡

## ቡራኬ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ እዩ፣(ገላ 3, 12-14)

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣባል ቅድስቲ ስላሴ እዩ፣ እግዚኣብሔር ኣብ ከድሕነና ስለ ዝደለየ ኣብ ማርያም ኪነብር ወረደ፣ደጊሙ ከኣ ማርያም ሒዙ ናብ እግዚኣብሔር ኣብ ተመልሰ፣ንማርያም ናብ ቅድስቲ ስላሴ ከቅርባ ከሕብራ ስለ ዝደለየ ስለዚ ሕብረት እግዚኣብሔር ኣብ ምስ ማርያም፣ማርያም ከአ ምስ ኣብ፣ እዚ ክበሃል ዘይከኣል መስተንክር ኮይኑ ንረክቦ፡፡ እታ ወትሩ ድንግል፣ ኣደ ወልደ እግዚኣብሔር ክትከውን ተሓርያን ተባሪኻን እያ በዚ ከአ መርዓት ኣብ ትበሀል፣ በዚ ምክንያት እዚ ኣብ ቡራኬ ኣምላኽ ክርአን ክበሃልን ዘይከኣል ቅድስና ወላዲተ ኣምላኽ ተራእዩ፡፡ ሕራይ ብምባላ ቡራኬ ንርእሳን ንወዳን ከምኡ" ውን ቡራኬ ነቲ መወዳእታ ኣዳም፣ ብወዳ ከኣ ንኣና ንኵላትናን ንምሉእ ዓለም (ሮሜ 8,16-25 ተመልከት) ፣*

ቡሩኽ ይኹን እግዚኣብሔር ኣቦኡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ከመይ ንሱ ኣብ ሰማይ ብዅሉ ዓይነት መንፈሳዊ ቡራኬ ኣብ ክርስቶስ መልኣና(ኤፌ 1, 3 ተመልከት) ንዓና ነቶም ንኣኡ እንኣምን ክበሃል ዘይከኣል ዕብየት ሓይሉን ከም'ውን ክብጻሕ ዘይከኣል ውጽኢት ስርሓቱን ኣብ ክርስቶስ ካብ ሙታን ኣተንሲኡ ኣብ የማኑ ኣቀሚጡ ገለጸልና(ኤፌ 1, 18ተመልከት)* ፣እዚ ጸጋን ቡራኬን ንእና ንደቂ ሰብ ብማርያም ተረክበ፣ እታ ዘይተፍረ ድንግል ሔዋን ብዘለዓለማዊት ኣፍራዪት ሓዳስ ሔዋን ተተኪኣ፤፡ መንክርን መስደምምን ምስጢር ማርያም ኣብ ስላሴን ድሕነትናን።

መድሓኒና ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ንሱ ጥራሕ እዩ ብሞቱን ትንሳኤኡን ናብ እግዚኣብሔር ዝመለሰና፣እግዝእትነ ማርያም ኣዲኡ ክትከውን ሕራይ ብምባላ ንወዳ ንመስዋዕቲ ኣወፈየቶ፡፣ ሰላም ንኣኺ ኦማርያም ናይ ሓዲስ ኪዳን ማዕዋ፤፡ ምስ ወዳ እናተሳቀየት ከኣ ዕዳ ዓለም ከፈለት፤፡ እግዝእትነ ማርያም ከም ኩለን አደታት ክትሓርስ ዘይተሳቀየት ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ኣብ ትሕቲ ሕይወት ኦም ነፍሳ ኵናት ወጊኡዋ። ብሞቱን ትንሳኤኡን፣ ክርስቶስ ሓጢኣትና ሰሪዙ ውሉድነት ኣምላኽ ሂቡና። ምልኣተ መንፈስ ቅዱስ ተቀቢልና፣መዋርስቲ ክርስቶስ ኮይና፣እዚ ከአ ብማርያም ኮነ፤፡

| | |
|---|---|
| ኢየሱስ ንርእሱ ኢምንት ገይሩ ኣርኣያ <u>ባርያ ወሰደ</u>፣ሰብ ኮነ፣ ንርእሱ ኣትሓተ ክሳብ <u>ሞት ተኣዘዘ</u>፣ሞቱ ከኣ ኣብ መስቀል ኮነ፣በዚ ምኽንያት እግዚኣብሔር <u>ዝዓበየ ስም ሃቦ</u>፣ ኵሉ ብርኪ ንኢየሱስ ክሰግድ ኵሉ ልሳን ንኢየሱስ ኪጽውዕ (ፍል.2, 5-11) | እግዝእትነ ማርያም ንመልኣኽ <u>እንሆ ባርያ እግዚኣብሔር</u> ዝበልካኒ ይኹነለይ በለቶ፣ <u>ብምእዛዛ</u> እግዚኣብሔር ኣብኣ ዓበይቲ ነገራት ገበረ፣ንዘለዓለም ብጽዕቲ ገበራ፣<u>ዓብይ ስም ሃባ</u>፣ካብ ሕጂ ንደሓር እንሆ ኵሉ ወለዶ ብጽዕቲ ክብሉኒ እዮም፣ |

ከምቲ ወዳ <u>ባርያ</u> ኮይኑ ክሳብ ዕጸ መስቀል ዝተሰቅለ፣ከምኡ ትኽክል እግዝእትነ ማርያም <u>ባርያ</u> ኮይና፣ ኵሉ እቲ እግዚኣብሔር ዝበሎን ክግበር ዝደለዮን፤ ማርያም ብምሉኡ ክሳብ ነፍሳ ኵናት ዝሓልፎ ፈጺማቶ ፣<u>እንሆ ከም ቃልካ ይኹነለይ፣</u> ዘረባን ግብርን ብምሉእ ሕይወታ ተቀቢላቶ፣ በዚ ዓብይ ስም ሃባ <u>እንሆ ኵሉ ወለዶ</u> ብጽዕቲ ይብሉዋ፣

ኣብ ወንገል ዮሓንስ እንተረኣና ከምዚ ይብለና <u>እንሆ እቲ ሰብኣይ</u>፣(ዮሓ 19, 5) (ከም ቀዳማይ ኣዳም) ንኵሉ ሰብ ዘማምር <u>እንሆ ንጉስኩም</u>፣(ዮሓ 19, 14) እቲ እስራኤል ዝጽበዩዎ ንጉስ፡ <u>እንሆ ወድኺ</u> (ዮሓ 19, 14) እቲ ዚዛረብ ዘሎ (እንሆ በጊዕ እግዚኣብ.ሓጢኣት ዓለም ዝድምስስ፣እንሆ እቲ ዝሓረኹዎ ዝሳቀ ባርያ ብኣኡ ደስ ዝብለኒ)ይብለና። እቲ ናይ በሓቂ ወዲ እግዚኣብሔር ንሱ ወዲ ማርያም እዩ፡፣ እምበአርከስ ኣብዚ ከኣ ኵሉ ይፍጸም፤፡ ማርያም እታ ንምሉእ ሕይወታ ባርያ (አገልጋሊ) እግዚኣብሔር ኮይና ብግብሪ ዝተኣዘዘት ናይ በሓቂ ኣደ ጐይታና ኢየሱስ

ክርስቶስ እያ፤፡ ከመይ ካብኣ ንላዕሊ ቃለ እግዚኣብሔር ዝሰምዖን ኣብ ግብሪ ዘውዓሎን የልቦን ክበህል ይክእል፤፡

ቅዱስ ሉቃስ *ማርያም ሐውቲ ማርታ ነቲ ዝበለጸ መክፈልቲ ሰናይ ሓረየት፣ዘሕድጋውን የብላን* (ሉቃ10, 38-42) ይብል፣እታ ወትሩ ድንግል ዝኾነት እመ ኣምላኽ፣ናይ ዘለዓለም ቃል ጸኒሳቶን ወሊዳቶን፣ከም ዝተሰገወ ቃል ሰሚዓቶ፣ኣብ ምሉእ ምድራዊ ሕይወቱ ኣገልጊላቶ፣ሕጂ ኣብ ክብሪ ሰማይ ናይ ኣምላኽ መኽፈልቲ ንዘለዓለም ተቀቢላ፣ትንሳኤን ፍልሰታ ማርያምን፣እግዚኣብሔር ሒዛ ሓዲስ ጸኣት ዝገበረትሉ እያ፣(ዘጸ.15, 1)፣

እቶም ቃለ እግዚኣብሔር ዝሰምዑ ብጹዓን እዮም፣(ሉቃ11, 28) እግዝእትነ ማርያም መጀመርታ ካብ መልኣኽ ቃለ እግዚኣብሔር ሰሚዓ፣ድሓር ካብ ስምዖን፣ ካብኡ ካብ ወዳ ክሳብ ዕጸ መስቀል፤፡ ድሕሪ ትንሳኤ ኣብቲ ማሕበራዊ ቤተ ክርስቲያን ኵሎም ኣብ ትምህርቲ ሓዋርያት ጽሙዳት ነበሩ፣ እዚ ከአ ብፍቅሪ ኣሕዋት ስሙራት ነበሩ፣ ኣብ መኣዲ ጐይታ ተሳተፍቲ ነበሩ ምስ ኣደ ኢየሱስ፣ (ግብ.2, 41-47 ርኤ)

በዚ ምኽንያት ኣደ ኣምላኽ ናይቶም ኵሎም ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾኑን፣ዝኾኑ ዘሎዉን፣ ኪኮኑ ዘሎዎምን ምስኡ ዝሰቀሉን ሰማዕትነት ዝቅበሉ ዘሎውን ኣደ እያ፤፡ <u>በዚ ምኽንያት እግዝእትነ ማርያም ናይ ሰማዕታት ኣደ ትስመ</u>፣ ኵሉ እቲ ኣብ ፍጽምና ዚበጽሕ ንርእሱ ኢሉ ኣይነብርን፣እንታይ ደኣ ንክርስቶስ ከምዝብለና(ገላ.2, 20) ኣብኡ ክርስቶስ ይነብር እንካብ ኮነ እንሆ ወድኺ እንክብሎ ንማርያም ከም ዘወፈዮ እዩ ይብል ኦሪጀነ፤፡ <u>ድሕርዚ</u>፣በዛ ዘረባ እዚኣ ዝዓበየ መደምደምታ ይግበር፣ብመስቀል ንትንሳኤ ይዛዝሞ፣ ካብ ሞት ናብ ሕይወት።

ብዛዕባ ክርስቶስ ካብአ ንላዕሊ ከምቲ አነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ንስኻትክም ከዓ ንዓይ ምሰሉ ኪብል ዝኽእል ሐደካ የልቦን (1ቆሮ11፥1) ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሐቂ እንተደሊኻዮ አብ ሕቑፊ ማርያም ኢኻ ትረኽቦ። ማርያም ብሐደ ወገን አደ እቲ ፈጣሪ ዝኾነ ክርስቶስ ክትከውን ከላ ብሐደ ወገን ከዓ አደ እቲ አብ ልብኻ ብኢየሱስ ዝተዋህበካ ጸጋ እያ።

ድንግል ማርያም አብዚ ዓለምዙይ ጥራይ ኣይኮነትን ብፍሉይ መንገዲ አብ ተግባር ድሕነት ዓለም ዝሰርሔት አብ ሰማይ እውን ንዚልምና ኩሉ ሕጂ’ውን እቲ ናይ ድሕነት ተግባራ ገና አየቃረጸን። ንሳ ዓዳሊት ኩሉ ጸጋ ኮይና አብቲ ክብርን ሐይልን ዝመልኦ መንጎኝነት ክርስቶስ ወዳ እያ ትሳተፍ።

## ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፣

**መዝሙር ዳዊት ዕብየት እግዚኣብሔር ፍለጡ፣ ንኣኡ እናገልገልኩምን እናወደስኩምን ንዓለም ኣፍልጡዎ ይብለና፣**

**ኦጐይታይ ክውድሰካን ክዝምረልካን ልበይ ጽኑዕን ድልዱልን ግበሮ በቲ ኵሉ ጽቡቕ ዝገበርካለይ እንታይ ክመልሰልካ እየ፧ ኵሉ እቲ እግዚኣብሔር ዚደልዮን ክገብር እየ፣ጽዋዕ መድሓኒት ከልዕል እየ፣ስም እግዚኣብሔር ንዘለዓለም ክጽውዕ እየ። (መዝሙር ዳዊት 116፡ 12፥14)**

**ኦ ኪዳነ ኣምላክ ማርያም ኣበርቲዕኪ ተማበቅልና ሕዝብኺ ንበክን ንበታተንን ኣሎና እሞ ተራድእና፣**

### መንክርን መስደምምን ኢዩ ምስጢር ማርያም ኣብ ስላሴን ድሕነትናን

| | |
|---|---|
| ክብሪ ንኣኺ ኦማርያም ንኣብ መርዓቱ፣ | ስብሓት ለኪ ማርያም ለኣብ መርዓቱ፣ |
| ክብሪ ንኣኺ ኦማርያም ንወልድ ወላዲቱ | ስብሓት ለኪ ማርያም ለወልድ ወላዲቱ |
| ክብሪ ንኣኺ ኦማርያም ንመንፈስ ቅዱስ ታቦቱ | ስብሓት ለኪ ማርያም ለመንፈስ ቅዱስ ታቦቱ |
| ወርቅን ብሩር ሓላፊ እዩ፣ካብ ኵሉ ንኣኺ እፈቱ | ወርቅሰ ወብሩር ሓላፊ ውእቱ እምኵሎንኬ ማርያም ኪያኪ እፈቱ |

### ስብሓት ለማርያም እመ ኣምላክ እግዝእትነ ወመድሃኒትነ፣

--------------------- + + + ---------------------